# ጥርናፌ ስድራ ቤት

NOAS ክትግምግሞም እትኽእል ጉዳያት እንታይ ኢዮም?

NOAS ኣብዘን ዝስዕባ ጉዳያት ጥራሕ ኢዩ ምኽርን ሕጋዊ ሓገዝን ዝህብ፡

- እቲ ኣብ ኖርወይ ዝቅመጥ ጠለብ ዝምልከቶ ሰብ (referansepersonen)፡ ናብ ኖርወይ ዳግም ዝተጣየሰ ስደተኛ ኮይኑ ወይ ኣብ ኖርወይ ዑቅባ ሓቲቱ ብመሰረት ጥለብ ዕቅቡኡ መንበሪ ፍቅድ ኣብ ኖርወይ ዝተዋሃቦ
- ወይ እቲ ኣቅራቢ ጠለብ ኣብ ኖርወይ ሓታቲ ዑቅባ ወይ ካብ ሃገሩ ወጻኢ ዝነብር ስደተኛ ኮይኑ

**ጉዳይካ ናብ NOAS ስደድ**

እንተ ደኣ NOAS ንጉዳይካ ክትርእየልካ ደሊኻ፡ ውክለናን ቅዳሕ ሰነዳት ጉዳይካን ክትስደልና ኣለካ።

NOAS ንጉዳይካ ክርእየልካ እንተደሊኻ ክትሰዶም ዘለካ ሰነዳት፡

- ናይ ኣቅራቢ ጠለብን ኣብ ኖርወይ ዝቅመጥ ጠለብ ዝምልከቶ ሰብን (referanseperson) ዝተፈረመ ሕጋዊ ውክልና
- ናይ ኣብ ኖርወይ ዝቅመጥ ጠለብ ዝምልከቶ ሰብ (referanseperson) ውሳኔ ምንበሪ ፍቃድ (ዑቅባ ወይ መንበሪ ብመሰርት ሰብኣዊ ርህራሄ)
- ናይ ምንጻግ ውሳኔ ኣብ ጉዳይ ጥርናፌ ስድራቤት እንተለካ
- ኣገዳሲ ኢልካ እትኣምነሉ ካልእ ሰነዳት ይኹን ሓበሬታ እንተልካ ክትስደልና ትኽእል

**ጉዳይ ንምግምጋም ዝወስድ ግዜ**

ብዝተኻእለ መጠን ንጉዳይካ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክንርእያ ክንፍትን ኢና። NOAS ኩሉ ግዜ ንህጹጽ ጉዳያት ኢዩ ቀዳምነት ክህብ ዝፍትን። እንተኾነ ግን ኣብታ ጉዳይ ክንዋሳእ ምኧና ዝኾነ ውሕስነት የለን።

**ምስ ጥልብ ምቅራብ ዝተኣሳሰር ምኽሪ**

- ጠለብ ጥርናፌ ስድራቤት ክተቅርብ እንተደሊኻ NOAS ምኽሪ ክህበካ ይኽእል ኢዩ
- NOAS ኣብ ምምላእ እቲ ጠለብ (ፎርም) ኣይሕግዝን ኢዩ

**ሕጋዊ ሓገዝ ድሕሪ ምንጻግ**

NOAS ንኹሎም ዝመጽዎ ጉዳያት ይግምግሞም ኢዩ። ቀዳምነት እንህቦም ጉዳያት እቲ ውጺት ንምቅያር ግብራዊ ትኽእሎ ኣሎ ኢልና እንኣምንሎም ጉዳያት ኢዮም።

ኣብ ገምጋምና ካብ እነተኩረሎም ነገራት፡

ካብ ካልኦት ኣካላት ማዕረ ክንደይ ጹቡቅ ሓገዝ ረኺብካ

እንተደኣ ቅድሚ ሕጂ ብUDI/UNE ዘይተገምገመ ሓዲሽን ኣገዳስን ሓበሬታ ኣሎ ኾይኑን ኣብቲ ጉዳይ ካልእ ውጽኢት ክህብ ይኽእል እንተኾይኑን

እንተደኣ ነቲ ኣብ ጉዳይካ ዝተዋሃበ ናይ ምንጻግ ውሳኔ ክንቅይሮ ኣይንኽእልን ኢና ኢልና ኣሚና ክንሕብረካ ኢና። እቲ መኽንያት እንታይ ሙኧኑ ከአ ክነብርሃልካ ኢና።